# PARKROSE PLAN

## MAKE OUR FUTURE BRIGHTER



DRAFT

ትልሚትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)

ሚያዝያ 2022

# *Parkrose Community Plan* ትልሚትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ) እንታይ እዩ፧

**ብዛዕባ መጻኢ Parkrose (ፓርክሮስ)ትልሚትልሚ ኣብ ምውጻእ ብሓባር ንሰርሕ ኣለና!**

እቲ ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ) ከባቢ ዝርከብ እተፈላለየ ማሕበረሰብ ዘለዎ ኽፍሊ Portland (ፖርትላንድ) ኢዩ ገለ ኻብዚ ኸኣ፡ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ፡ እተፈላለዩ ሰባትን ባህልታትን፡ ከምኡውን ናይቲ ኸባቢ ውድባትን ንግድን ኢዩ። ይኹን እምበር፡ Parkrose community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ) ዝትንክፍ ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ ጒዳያት ኣሎ፡ ገለ ኻብዚ ኸኣ፡ ክራይ ምውሳኽ፡ ኣድላይነት ዝያዳ ናይ ደሞዝ ናይ መነባብሮ ንተመሃሮን ንወለዶምን፡ ኣብ Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ) ዘሎ ሓደገኛ ኹነታት፡ ኣድላይነት ማሕበረሰብ ዝእከብሉ ቦታታት፡ ከምኡውን ንባህርያዊ ሓደጋታት ንምድላውትልሚትልሚ ምውጻእ ኢዩ።

ሕብርን ታሪኻዊ ሕድገትን ዘለውን ማሕበረሰባት መብዛሕትኡ ግዜ በዚ ጒዳያት እዚ ብዙሕ ጽልዋ እኳ እንተ ኣለውን ኣብ ዝሓለፈ ትልሚታት ግን ብዙሕ ኢደን ኣየእተዋን። ብሓገዝ ናይቲ Portland Bureau of Planning and Sustainability (BPS, ቤት-ጽሕፈት ትልሚን ቀጻልነትን ፖርትላንድ) ከምኡ ድማ እቲ Oregon Department of Transportation (ክፍሊ መጓዓዝያ ኦሪጎን)፡ Historic Parkrose NPI(ታሪኻዊ ፓርክሮዝ ነቲ Parkrose Community Plan ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ) ምስ ትሑት ቆላሕታ ዝረኸቡ ኣባላት ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ  ብሓባር ብምዃን ፈጢርዎ። ዕላምኡ ከኣ ብዛዕባ ናይቲ ማሕበረሰብ ስክፍታታትን ናይ መፍትሒታት ሓሳባትን ንምፍላጥ እዩ። ናይ ማሕበረሰብ ተሳትፎ ንጥፈታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-

- ካብ መጋቢት ክሳዕ ግንቦት 2021 እተገብረ ናይ መንእሰያት ስልጠና
- ካብ ግንቦት ክሳዕ ሰነ 2021 እተገብረ ናይ ማሕበረሰብ ስልጠና
- ስነ-ጥበብን ትምኒትን እቶም ግዳም ሓደር ዝኾኑ መንእሰያት ዜጕልሕ ፊልም Parkrose (ፓርክሮስ)
- ናይ Parkrose Community Paln ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ፡ ክፉት ህዝባዊ ህንጻታት
- ናይ Parkrose Community ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ኦንላይን መጽናዕትታት

ብ2012 እተመስረተ ታሪኻዊ ፓርክሮዝ ኣብ ከባቢ ፖርትላንድ ፓርክሮዝ ማሕበራዊ ማዕርነትን ቊጠባዊ ኣጋጣምን ድሕንነትን ንምስፋሕ እተገብረ ተበግሶ ብልጽግና ጒረባብቲ እዩ ። ታሪኻዊ ፓርክሮዝ ነቲ ኻብ መበል 99 ክሳዕ 121 ኣብ ሳንዲ ብለቨድ ዝርከብ ናይ ድኳን ምምሕያሽ ህያባት ተክኒካዊ ደገፍ ከምኡውን ደገፍ ይህብ ኣብ መንጎ እተፈላለዩ ጒረባብትናን ኣብቲ ኸባቢ ዝነብሩ ንግድን ወነንቲ ንብረትን ከኣ ምትሕብባር ከም ዝህሉ ዝገብር ኢዩ ።

DRAFT

# ናይቲ ትልሚ ዕላማ

ዕላማ Parkrose Community Plan ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ነቲ Parkrose community (ንማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ዘጋጥሞ ጉዳያት ንምፍታሕ ስጉምቲ ንምውሳድ ኢዩ። ኣብ ከም እተፈላለየ ባህልታትና ምጽንባል፡ ኣብቲ ኸባቢ ንዚርከብ ንግዲ ምድጋፍ፡ ከምኡውን መንእሰያትና ንኺስስኑ ምሕጋዝ ዝኣመሰለ ናይ ማሕበረሰብ ብርታዐ ምህናጽ እውን ዚምልከት እዩ። ነዚ ተግባር እዚ ጋህዲ ንምግባር ምድፍፋእ ኣብ Parkrose community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ኢዩ ዝምርኮ ። እዚ መደብ እዚ ብ Parkrose (ፓርክሮስን) ን Parkrose (ፓርክሮስን) እዩ ። ኵላትና።

ኣብ ዚቕጽል ገጻት ብዛዕባ እቲ ኣባላት ማሕበረሰብ ኣብ እዋን ሕጸ ዘዳለዉሉ ጉዳያት ዚገልጽ ጉዳያትን ፍታሕን ጽማቕ ሓሳባት ክትረክብ ኢኻ። ብዛዕባ ነፍሲ ወከፍ መፍትሒ ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክቡ እንተ ደሊኻ ናብ Parkrose Community Plan ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ) ክትከይድ ወይ ከኣ ን Historic Parkrose staff (ሰራሕተኛታት ታሪኻዊ ፓርክሮስ) ክትበጽሖም ጽዓር።

# ኣርእስትታት Parkrose Community Plan (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡


**ንምኽፋሉ መጠነኛ ዝኾነ መንበሪ ኣባይትን ካብ ቦታ ናብ ቦታ**

ገጽ 5

**ስራሕ ምእታው / ኣብ ቤት እተመስረተ ንግድን ንኣሸቱ ንግድን**

ገጽ 7

**ድሕንነት ሳንዲ ቡልቫርድ**

ገጽ 9

**ኣድላይነት ናይ ከባቢ መጓዓዝያ**

ገጽ 11

**ናይ ማሕበረሰብ ቦታን ናብ ተፈጥሮ ምእታውን**

ገጽ 13

**ህጹጽ ምድላው**

ገጽ 15



# Affordable Housing AND Anti-Displacement

# ንምኽፋሉ መጠነኛ ዝኾነ መንበሪ ገዛን ምኽልካል ምምዝባልን

## ጉዳያት

» ዝለዓለ ኣታዊ ዘለወን ስድራ ቤታት ናብዚ ከባቢ ኪግዕዛ ኸለዋ ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ዚርከብ መንበሪ ኽቡር እናኾነ ይኸይድ ኣሎ

» ተኻረይቲ ንብዙሓት ኣባላት ስድራ ቤት ዝምጥን ገዛ ንምርካብ የጸግሞም ኣሎ፡ ብሰንኪ እዚ ኸኣ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ስድራ ቤታትን ሕብራውያን ማሕበረሰባትን ካብ ከባቢኦም ተመዚበሉ

» ዳርጋ 9 ሚእታዊት ካብቶም ኣብ Parkrose High School students (ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፓርክሮስ)፡ ዝነበሩ ተማሃሮ ኣብ 2021-22 ዓመት ትምህርቲ ግዳም ሓደር ኢዮም ነይሮም መብዛሕትኡ ግዜ ኸኣ ምስ ኣዝማዶም ወይ ፈተውቶም ኢዮም ዝጸንሑ

» ስድራ ቤታት ኣብ ሓደ ኽቖማ እምበር ኪንቀሳቐሳ ኣይደልያን እየን። ዝነውሐ ግዜ ኺጸንሑን ምስቲ ዚለዋወጥ ድሌቶም ኪላመዱን ዚኽእሉ ቦታ እዮም ዚደልዩ

## መፍትሒታት

ምስ መንግስት ፣ መጠጣጣኒ ኣባይቲ ዝሰርሑጉጅለታት፡ ፡ ምስ ወነንቲ ናይ ውልቃዊ ንብረትን ብምትሕብባር፡ ንኽትከፍሎ መጠነኛ ዝኾነ ሓድሽ ኣባይቲ ንምህናጽ፡ ንስድራ ቤታት ዚኸውን ናይ ቤት ዕድላትን ንምቑም፡ ነቶም ሕብሪ ዘለዎምን ግዳም ሓደርን ዝኾኑ ስድራ ቤታት ንምዕቋብ፡ ከምኡውን ካብ ምዝንባል ንምክልኻል ዕየ። ነዚ ንምግባር ዝግበር ስጉምትታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-

» ኣብ ባዶ ቦታታትን ኣብ ጥቓ Parkrose Transit Center (ማእከል መግለሲ ፓርክሮስን)፡ ንትከፍሎ መጠነኛ ዝኾነ ኣባይቲ ምህናጽ

» ነቲ ዘሎ ኣፓርታማታት ንትከፍሎ መጠነኛ ዝኾነ ንምግባር ምስ ብጾት ምዕያይ

» ኣብ ከም Rossi Farms redevelopment (ዳግመ-ልምዓት ሕርሻ ሮዚ)፡ ዝኣመሰለ ንትከፍሎ መጠነኛ ዝኾነ ኣባይቲ ስድራቤት ምእታው

» ነቶም ግዳም ሓደር መዕቈቢ ምሃብ

» ነዚ መፍትሒታት እዚ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ሰራሕተኛታት ምቁጻር

ምምዝባል ማለት ሰባት ወይ ትካላት ካብ መንበሪኦም ብምኽንያት ሕጽረት ገንዘብ ክግዕዙ ክግደዱ ከለዉ ማለት እዩ። እዚ ብሰንኪ ኣብ ቁጠባዊ ዕድል ዘለዉ ዕንቅፋታት፡ ዝውስኹ ዘለዉ ናይ መንበሪ ገዛ ወጻኢታት፡ ወይ ኣብ ርትዓዊ ክፍሊት መነባብሮ ፣ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ብዘጋጥሙ ለውጥታት ክኸውን ይኽእል።

DRAFT


Jobs
And
Call Here!
Jobs 4 TEENS!
Jobs
Support small businesses
Home-based
Business!

# ናብ ስራሕ ምእታው

## ጉዳያት

- እቲ ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ዝርከብ ማእከላይ ኣታዊ ስድራቤት ካብ Portland (ፖርትላንድ)፡ ብጠቕላላ 15,000 ዶላር ዝውሕድ ኢዩ ኣብ ጸለምትን ሂስጳኛውያን ዝርከባ ስድራቤታት ከኣ ማእከላይ ኣታዊ ስድራቤት ካብ 30,000 ዶላር ዝውሕድ ኢዩ
- መንእሰያት Parkrose (ፓርክሮስ)፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናብ ስራሕን ሞያን ብኸመይ ከም ዝጅምሩ ኣይፈልጡን ኢዮም
- ኣብቲ ኸባቢ ኣብ ዝርከብ Columbia Corridor employment district (ናይ ኮሎምብያ ኮሪደዮ ናይ ስራሕ ኣውራጃ)፡ ማእከላይ ደሞዝ ዝኸፈሎ ስራሕ እኳ እንተሎ ኣብዚ ኸባቢ እዚ ግን ውሑዳት ተቐማጦ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ስራሕ ኣለዎም

## መፍትሒታት

ንመንእሰያት፡ ብፍላይ ከኣ ነቶም ጸገም ኣተዓባብያ ዘለዎም፡ ናብቲ ናብ ብልጽግና ዚመርሕ ስልጠናን፡ ስራሕን፡ ሞያን፡ ምርኻብ። ምስ ናይ ዓበይቲ ደሞዝ ስራሕን ንመንእሰያት ስልጠና ናይ ምርካብ ዕድላትን ርክብን ዝህልወሉ ማእከላይ ቦታ ፍጠር። ምስ ናይ ማሕበረሰብ ብጸት ሓቢርካ ሰሪሕካ ንመንእሰያት ምስ ከምዚ ዝስዕብ ዝኣመሰለ ናይ ስራሕ ዕድላት ምርኻብ -

- ምልምማድ፡ ምዕላም፡ ናይ ስራሕ ምኽሪ፡ ከምኡውን ንመንእሰያት ዝኸውን ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድላት
- ኣብ ሰንዓን : ንግዲን ከምኡ ውን ምስ ክሊማ ዝተኣሳሰር ስራሕን ተገዳስነት ዘለዎም መንእሰያትዝግበር ፕሮግራማት
- ንስድራ ቤት ተመሃሮ ምስ ናይ ስራሕ ስልጠናን ደገፍን ዜራኽብ ናይ ቤት ትምህርቲ ደገፍ

# ኣብ ቤት እተመስረተ ንግድን ንኣሽቱ ንግድን

## ጉዳያት

- ተቐማጦ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ እቲ hIstoric Parkrose (ታሪኻዊ ፓርክሮስ) ቀንዲ ጐደና ናይቲ ኸባቢ ንግዲ ዝዓብየሉን ዝዕምብበሉን ከምኡውን ነቲ ናይቲ ኸባቢ በበይኑ ዝዓይነቱ ፍልልይ ዘንጸባርቕን ቦታ ክኸውን ኢዮም ዝደልዩ።
- ተቐማጦ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ኣብ ቤቶም እተመስረተ ንግዲ ንምጅማር ሓገዝ የድልዮም ኢዩ፡ ብዙሓት ኣብ ቤቶም ዝሰርሑ ትካላት ከኣ ዝያዳ ዓማዊል ንምርካብ ሓገዝ የድልዮም ኢዩ።

## መፍትሒታት

ንኣሽቱ ንግድን ኣብ ቤት እተመስረተ ንግድን ብፍላይ ከኣ ነቶም ንግዲ ንምጅማርን ንምዕባይን ዕንቅፋታት ዜጋጥሞም ዑቕበኛ፡ ስደተኛታት፡ ከምኡውን ካልኦት ሕብሪ ዘለዎም ሰባት ይድግፍዎም። ነዚ ንምግባር ገለ ሓሳባት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-

- ነቶም ኣብ ቤት ዚነብሩ ወነንቲ ንግዲ ኣገልግሎትን ርእሰ-ማልን ምሃብ። ኣገልግሎት እተፈላለየ ቛንቋታትን ተነቃፊ ባህልታትን ከም ዘለዎ ምርግጋጽ
- ንብዙሓት ንኣሽቱ ወነንቲ ንግዲ ዚኸውን ኽትከፍሎ መጠነኛን ሓባራዊን ዝኾነ ክራይ ፍጠር
- ነቶም ኣብቲ ኸባቢ ዚነብሩ ንኣሽቱ ወነንቲ ንግዲ፡ ብፍላይ ከኣ ነቶም ከም ዕዳጋ ሓረስቶት፡ ዕዳጋታት እናወሰኸ ዚኸይድ ዘሎ፡ ከምኡውን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ሕብሪ ዘለዎም ሰባት ንምክንኻን ቦታ ፍጠር።
- ንግዲ Historic Parkrose (ታሪኻዊ ፓርክሮስ)፡ ቀንዲ ጐደናታት ደግፍ


Sandy Boulevard Safety
BUS 21

# ድሕንነት Sandy Boulevard (ቦልቫርድ ሳንዲ)፡

## ጉዳያት

- Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ)፡ ካብ መንበሪ ቦታታት ብእግሪ ኣብ ዚርሕቕ ቦታ ብዙሕ ንግድን ካልእ ቦታታትን እኳ እንተ ኣለዎ፡ ዋሕዲ መገዲ ናይ ኣጋርን ብዙሕ ትራፊክን ኣለዎ ብእግሮም ዚሰግሩ ሰባት ብእግሮም ንኸይከዱ ይዓግቶም
- ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ዝርከብ Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ)፡ ሓደ ኻብቲ ኣብ Portland (ፖርትላንድ)፡ ዝርከብ ዕንወት ዝበዝሖ ጐደናታት ኢዩ ኣብዚ ቐረባ ሓሙሽተ ዓመት ልዕሊ 300 ሓደጋታት ከም ዘጋጠመ ጸብጻብ ተዋሂቡ ኣሎ ዝበዝሕ ካብቲ ብከቢድ ጉድኣት ዝወረዶም ብእግሮም ዝኸዱ ሰባት ኢዮም

## መፍትሒታት

Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ) ብእግሩ እትኸደሉን፡ እትጐዓዘሉን፡ እትነግዱሉን፡ ዜተኣማምን ቦታ ንምግባር ምምሕያሽ ኪግበር ተጣበቕ። እዚ ዚስዕብ ምምሕያሻት ምግባር የጠቓልል፡-

- ኣብ ጥቓ NE 106th (ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ሓጺነ-መጺን) ከምኡውን ኣብ NE 115th ዝኣመሰለ ጐደናታት ንምስጋር ዝቐለለ ንምግባር ዝያዳ ምልክት እተገብረሉ መሳገሪ ኣጋር ምውሳኽ
- ሓደገኛ መስቀላዊ መገዲ ምምሕያሽ
- መብራህቲ ጐደናታት ምውሳኽ
- ኣገልግሎት ምስጋርን መጸበዪ ኣውቶቡሳትን ምሸትን ብምምሕያሽ ብኣውቶቡስ ንኽትዛወር ዝቐለለ ምግባር


Make Your Mark
(even if it's just putting your hands in wet cement)

# ኣድላይነት ናይ ከባቢ ገዛውቲ መጓዓዝያ

## ጉዳያት

» Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ኣብ መብዛሕትኡ ጐደናታት መገዲ የብሉን ብዙሕ ትራፊክ ዝበዝሖ ጐደናታት (ከም 102nd Prescott, and Fremont ዝኣመሰለ) ከምኡውን ሒደት መሳለጥያታት ብሽክለታ ኣለዎ እዚ ድማ ነቲ ሰባት ብእግሮም ወይ ብብሽክለታ ምዝዋር ድሕንነት ንኸይስምዖም ይድርቶ

» መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጐደናታት ኣብ ሃሩር ዝበዝሖ መዓልትታት ጽላል ዝህብ ኣእዋም ሒደት ኢዩ። Parkrose Community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ነቲ ኣብ ከተማ ዘጋጥም ናይ ሙቐት ጽልዋ ደረት ንምግባርን ዝያዳ መነባብሮ ዘለዎ ሃዋሁ ንምምጻእን ዝያዳ ኣእዋም ጐደናታትን ካልእ ቀጠልያ ቦታታትን

## መፍትሒታት

ሰባት ብእግሮም ንኺጐዓዙን ብብሽክለታ ንኺዝውሩን ዝቐለለ ምእንቲ ኺኾነሎም ጐደናታት ምምሕያሽ። እዚ ዚስዕብ ምምሕያሻት ምግባር የጠቓልል፡-

» መገዲ ኣጋርን ማርሻቤዲ ምህናጽ ኣብ ኣውቶቡሳዊ ጐደናታት ብፍላይ ከኣ ምስ ከም NE Shaver (ኤን. ኤ. ሸቨር)፡ ዝኣመሰለ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘሎ ርክብ ድማ ምምሕያሽ

» ናብ ቦታታት ንምእታው ዝቐለለን ድሕንነት ዘለዎን ምእንቲ ኺኸውን ኣብ ትሑት ትራፊክ ኣብ ዚርከብ ጐደናታት፡ መገድታት ብሽክለታ ምውሳኽ ወይ ምምሕያሽ

» ኣብ መገዲ ኣጋር ንምምሕያሽ ኣእዋም ጐደናታትን ካልእ ሓምላይ ነገራትን ምጥቓልል

» ካብቲ Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ)፡ ብሸነኽ ሰሜን ዝርከብ ናይ ስራሕ ቦታታት ናይ ጉዕዞ ብሽክለታ ከምኡውን ናይ ኣጋር ርክብ ምምሕያሽ


HA
HA
Rossi Farms
3839
Columbia
Slough

# ናይ ማሕበረሰብ ቦታን ተፈጥሮን ምርካብን

## ጉዳያት

» ፍርቂ ተቐማጦ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ካብ ህዝባዊ መናፈሻ ልዕሊ ፍርቂ ኪሎ ሜተር ርሒቖም ኢዮም ዝነብሩ

» እቲ ዝቐረበ ተፈጥሮኣዊ ኸባቢ Columbia Slough (ታኼላ ኮሎምብያ)፡ ዝበሃል እኳ እንተኾነ ኣብ ውሽጢ እቲ ኸባቢ ግን ህዝባዊ መእተዊ ነጥብታት የለን

» መንእሰያት ድሕሪ ትምህርቲ ክኸዱ፡ ዕዮ ገዛ ኽዓዩ፡ ኣብ ንጥፈታት ክካፈሉ፡ ከምኡውን ምስ ስራሕን ማሕበረሰብን ክራኸቡሉ ዝኽእሉ ማእከል ማሕበረሰብ ወይ ካልእ ድሕንነት ዘለዎ ማሕበረሰብ ቦታ ክህልዎም ይደልዩ ኢዮም

## መፍትሒታት

ሰባት ኣብ ጥቓ እቲ ዚነብሩሉ ኸባቢ ተፈጥሮ ኺፈጥሩን፡ ኪእክቡን፡ ኪኣትዉን፡ ዚኽእሉ ማሕበረሰብ ምፍጣር። ነዚ ንምግባር ዝግበር ስጉምትታት እዚ ዝስዕብ ኢዩ፡-

» ናይ Parkrose community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ማእከል ማሕበረሰብን ሓድሽ መናፈሻን ኪስራሕ ምጥባቕ

» ሰባት ናብኡ ምእንቲ ኽበጽሑን ክጥቀሙሉን ነቲ Columbia Slough (ታኼላ ኮሎምብያ)፡ ምምሕያሽ

» ኣብ ኣውራጃ ንግዲ Sandy Boulevard (ሳንዲ ቡልቫርድ)፡ ወይ ኣብ Rossi Farms development (ምዕባለ ሕርሻታት ሮዚ)፡ ማሕበረሰብ ዚእከበሉ ቦታ ምፍጣር

» ኣብ ጐደናታት ዝያዳ ኣእዋምን ሓምላይ ነገራትን ምትካል፡ ሓምላይ ቦታ ንምዕቃብ ከኣ ማሕበረሰብ ጽርየት ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ከም ዚውድብ ምግባር።


Emergency kit
Ace Bandage
Antibiotic Ointment
BUTTERFLY
HYDROGEN PEROXIDE
BLANKET
GAUZE
ANTIBIOTIC
ANTIBIOTIC
BANDAIDS
Emergency Power Here!
What Are Solar Power Benches?:
Solar power benches are a source of power within emergencies, that are available to everyone. Other things these benches have include:
1. Two USB ports
2. Wireless charging within acrylic glass
3. 4G Internet
4. Low environmental impact
And so much more!

# ህጹጽ ምድላው

## ጉዳያት

» ኣባላት Parkrose community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ንዝኾነ ይኹን ህጹጽ ኵነታት ማለት ብርቱዕ ሃሩር፡ ኩነ ቈራሪ ዅነታት፡ ኤለክትሪክ ሓይሊ ዜጥፍእ ህቦብላ፡ ወይ ከቢድ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ድሉዋት ኪኾኑ የድሎም እዩ

» ብዙሓት ኣባላት ማሕበረሰብ እንታይ ህጹጽ ረድኤት ከም ዘሎ ወይ ብኸመይ ክረኽብዎ ከም ዝኽእሉ፡ ኤለክትሪክ እንተድኣ ጠፊእዎም ሞባይል ተሌፎን እንደገና ክመልኡ ኣበይ ከም ዝኸዱ ወይ ኣብቲ ማሕበረሰብ ኣብ ግዜ ቅልውላው ናብ መን ከም ዝኸዱ ኣይፈልጡን ኢዮም።

## መፍትሒታት

ን Parkrose community (ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡ ኣብ ሓባራዊ ናይ ማሕበረሰብ ሃብትን ተግባራትን ብምሙርኳስ ንህጹጽ ድሉውነት ዝኸውን ስትራተጂ ምፍጣር ገለ ኻብዚ ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ፦

» ህጹጽ ክንክን ዚግበረሉ ማእከላት፡ መደበር መጥፋእቲ ሓዊ ምምሕያሻት፡ ህጹጽ ሓበሬታ ዚህብ ምልክታት፡ ምዝሓል/ ምውዓይ መዕቈቢ፡ ንህጹጽ ኵነታት ዚኸውን መሰረት ፡ ከምኡውን ኣብ እዋን ዕንወት ምንጪ ህዝባዊ ኤለክትሪክ ምህናጽ

» ነቲ ናይ ካርቦን ትፋእ ንምንካይ ሓምላይ ከተማ ምፍጣር

» ህጹጽ ናይ መራኸቢ ምንጭታት፡ ከም ናይ ህጹጽ ኵነታት ምድላው፡ ንኸም Argay-Parkrose NET team (ኣርጋይ-ፓርክሮስ ኔት ጉጅለ)፡ ዝኣመሰለ ህሉው ህጹጽ ኣገልግሎት ከኣ ደገፍ ምግባር

» ነቶም በሰላ ዘጋጠሞም ጕረባብቲ ቐጻሊ ስምዒታዊ ደገፍ ዚህብ መርበብ ምፍጣር

DRAFT

# ሰብ ጸማ

ንድፍታት፡-

## ሳይዮንስ ቴት

ስመይ ሳይዮንስ ቴት (ሴንስ ቴት) ይበሃል 12 ክፍሊ ዝመሃር ጓል 17 ዓመት ጓል ኣንስተይቲ ኢየ፡ ኣብ መጀመርታ እዚ ዓመት እዚ ኸኣ (2022) ዝምረቕ ኢየ። ክሳዕ ዝዝክሮ እተሓዋወሰ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ስነ-ጥበብ ክፈጥር ጸኒሐ ኢየ፡ ስነ-ጥበበይ ኣቢለ ማሕበረሰብ ከም ዝህልወኒ ተስፋ ብምግባር ድማ ብቐጻሊ ክፈጥር ጸኒሐ ኢየ። ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰበይ ብዛዕባ መፍትሒታት ብዓይኒ ዚርአ መግለጺታት ብምሃብን ነቲ እናማዕበለ ዚኸይድ ዘሎ ሓሳባት ጋህዲ ብምግባርን እሕበን እየ። ሓደ ኻብቲ ጥበባዊ ስርሐይ ንጹርን ዝርዝራውን ስእልታት ንምሃብ ነቲ ዝሓለፈ ተመክሮታት ናይ ምፍጣር ጥቕምን ምንጪ ድራኸን ምጥቃም ኢዩ። ኣብ ከባቢና ብዙሕ ነገራት ይፍጸም ስለ ዘሎ ካብ ማሕበረሰብና ኣትሒዝና ነዚ ሕጂ ዘሎ ኹነታት ዓለም ንምዕራይ ድምጽናን ጥሪትናን ክንጥቀመሉ ኣሎና። ድሕንነት ዘለዋ ዓለም ከም እትህሉ ኣቐዲመ ጥንቃቐታትን መደባትን ከም እትገብር ከምኡውን ካልኦት ሰባት ነዚ ንምግባር ክዓዩ ኽለዉ ንኽርእዩ ከም ዝሕግዞም እኣምን ኢየ ።

**CASHAPP: $plutopop | VENMO: @plutopop**

## ቤን ቶረስ

ኣነ ወዲ 15 ዓመት ቤን ቶረስ እየ ኣብ ካልኣይ ዓመት ድማ እየ ዘለኹ። ኣብ ኣከባብየይ ለውጢ ኽገብር እጽዕር ኣለኹ። ምሉእ ህይወተይ ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ እየ ዝነብር ዘለኹ ኵሉ ለውጥታትን ሓደጋታትን ከኣ ርእየ እየ፡ ኣብዚ ማሕበረሰብ እዚ ቕሩብ እጃመይ ኸበርክት ጥራይ እየ ዝደሊ። ብእተኻእለኒ መጠን ንማሕበረሰብና ኽጸልዎ እደሊ እየ። ወዲ 10 ዓመት ካብ ዝኸውን ኣትሒዘ እቐብእ ኣለኹ ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዘ ድማ ስእሊ እስእል ኣለኹ ስለዚ እዚ ቕርጽራጽ እዚ ንኻልኦት ከካፍሎም ብምኽኣለይ ሕጉስ ኢየ። ብሓፈሽኡ ክርአ ኸሎ ኣብ ስነ-ጥበብ ዓቢ ተገዳስነት ኢዩ ዘሎኒ እዚ ኸኣ ክቡር ዕንቅፋት ስለ ዝኾነ ኣጸጋሚ ኢዩ እንተኾነ ግን በቲ ዝሰርሖ ስነ-ጥበብ ኣገዳሲ መልእኽትታት ከካፍል ዝኽእል ኰይኑ ኢዩ ዝስምዓኒ። ኵሎም ኣብዚ ዘለዉ ሰባት ከም ናተይ ዓይነት ዕድላት ኪረኽቡን ኣብ Parkrose (ፓርክሮስ)፡ ዚነብሩ ሰባት ለውጢ ኺገብሩ ኽም ዚደልዩ ምፍላጦም ድሕንነት ኪስምዖምን እደሊ እየ።

ምትሕብባር ተመሃሮ፡-

**ሊልያን ፋም**

ኣመሓደርቲ ፕሮጀክት፡-

**ሰይለ ተክለ (ታሪኻዊ ፓርክሮስ)፡**
**ለዝሊ ሉም ከምኡውን ቢል ካኒንግሃም (BPS)**

ኣቀማምጣ ንድፊ፡-

**ኣንጌ ማርቲነዝ**

# ኣድራሻ ሓበሬታ

ብዛዕባ እቲ ትልሚ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብቲ **Parkrose Community Plan ትልሚ ማሕበረሰብ ፓርክሮስ)፡** ወብ ሳይት ተወከስ (ብእንግሊዝኛ ጥራይ)

Historic Parkrose (ታሪኻዊ ፓርክሮስ):
**info@historicparkrose.com**

Portland Bureau of Planning and Sustainability (ቤት-ጽሕፈት ትልሚን ቀጻልነትን ፓርትላንድ)
**Bill.Cunningham@portlandoregon.gov**

እዚ ፕሮጀክት እዚ ብኸፊል በቲ ኻብ መደብ (TGM፡ ምምሕዳር መጓዓዝያን ዕቤትን)፡ ዚወሃብ ወፈያ እዩ ዚምወል፡ እዚ መደብ እዚ Oregon Department of Transportation (ክፍሊ መጐዓዝያ ኦሪጎን)፡ Oregon Department of Land Conservation and Development. (ክፍሊ ዕቃበ መሬትን ዕቤትን ኦሪገን)፡ እዩ ። እዚ TGM፡ (ምምሕዳር መጓዓዝያን ዕቤትን) ወፈያ እዚ ብኸፊሉ በቲ (“(“FAST Act””፡ ፈደራላዊ ሕጊ መጓዓዝያ ኣመሪካ)፡ በቲ መንግስትን State Of Oregon (ኣውራጃ ኦሪገን)፡ን እዩ ዚምወል።
ትሕዝቶ እዚ ሰነድ እዚ ናይ ግድን ኣረኣእያ ወይ ፖሊሲታት State Of Oregon ( ግዝኣት ኦሪገን) ዘንጸባርቕ ኣይኰነን።